ኮሌጅ ጋርመንት መቐለ ኣብ 2018 ዓ/ም ካልኣይ መንፈቕ በጀት ዓመት ንኮሌጅና ግልጋሎት ዝውዕሉ ናውቲ ናይ ህንፃ መሳርሕ፣ ናይ ብረታብረት ኣቁሑትን ንገዛመስርሒ ባሃርዛፍን ብፕሮፎርማ ኣወዳዲሩ ክዕድግ ስለዝደሊ

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ረቡዕ ሰነ 17, 2018 (ቅድሚ 5 ወርሒ)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ሰነ 19, 2018 4:00 ቅ/ሰዓት (ተዓፅዩ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:
- ቦታ:መቐለ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ሰነ 19, 2018 4:05 ቅ/ሰዓት
- መደብ: ኮንስትራክሽን ማሽነሪን ኣቁሑትን/ ኮንስትራክሽን ጥረ ኣቁሑት/

ዕለት 17/10/2018ዓ/ም

ቁፅሪ ዕ/ፋ/ም/ር/ን /ፕ/01-12/2296/18

ምልክታ ፕሮፎርማ ቁፅሪ-01

ኮሌጅና-ኮሌጅ ጋርመንት መቐለ ኣብ ከተማ መቐለ፣ቀበሌ 18 ድሕሪ ሆቴል ኣብርሃ ካስትል ወይ ድሕሪ ፍፁም ብርሃን ዓይኒ ሕክምና ዝርከብ ትካል እዩ። እዚ ኮሌጅ እዚ ኣብ 2018ዓ/ም ካልኣይ መንፈቕ በጀት ዓመት ንኮሌጅና ግልጋሎት ዝውዕሉ ናውቲ ናይ ህንፃ መሳርሕ፣ ናይ ብረታብረት ኣቁሑትን ንገዛመስርሒ ባሃርዛፍን ብፕሮፎርማ ኣወዳዲሩ ክዕድግ ስለዝደሊ ነዞም ኣብ ታሕቲ ዝተዘርዘሩ መስፈርት መሰረት ገይርኩም ክትወዳደሩ እትደልዩ ነጋዶ ብኣክብሮት ፃውዒት የቕርብ።

1. በቲ ብፕሮፎርማ _ እነውዕኦ _ ዘለና ዓይነት ኣቕሓ ዓውደ ዘርፊ ንግዲ ዝተዋፈርኩም ኮይንኩም፤ዝተሓደሰ ንግዲ ፍቓድ፣ መፍለይ ቁፅሪ (TIN) ከፋላይ ግብሪ፣ዝተሓደሰ ናይ መቕረባይነት ምስክር ወረቐት ክተቕርቡ እትኽእሉ፣

2. ካብ ኮሌጅ ጋርመንት መቐለ ዳይሬክቶሬት ዕደጋ፣ፋይናንስን ምምሕዳር ንብረትን ካብ ዕለት 17/10/2018 ዓ/ም ክሳብ ዕለት 19/10/2018ዓ/ም ኣብ ዘሎ ናይ ስራሕ ሰዓት ብምምፃእ ሰነድ ፕሮፎርማ ክትወስዱ ነፍልጥ።ፕሮፎርማ ዕለት 19/10/2018 ዓ/ም ሕጋዊ ጨረታ ኮሚቴ ኣብ ዘለውሉ ብናይ ኢትዮጵያ ኣቆፃፅራ ሰዓት ልክዕ ሰዓት 4:00 ይኽፈት።

3. ኣብ ሰነድ ፕሮፎርማኹም ስልጣን ዘለዎ ኣካል ሽምን ፊረማን ክዓርፎ ከምዝግባእ፣ንፁር ኣድራሽ ከስፍሩ ከምዘለዎምን ከምኡ እውን ኣብ ዝቐረቡ ሰነድ ፕሮፎርማን ካልኦት መረዳእታታትን ማሕተም ክዓርፎ ከምዘለዎን፣ ኣብ ቁፅሪ 1 ክቐርቡ ዝግበኦም መረዳእታትን ካልኦት ኣድለይቲ ዝበሃሉ መረዳእታታት ምስ ሰነድ ፕሮፎርማ ተተሓሒዞም ክቐርቡ ከምዘለዎምን፣

4. ተጫራታይ/ተወዳዳራይ ዝሰዓሮም ንብረታት በቲ ዝወፀ ስፐስፊኬሽን መሰረት ብናይ ባዕሉ ወፃኢ መጓዝያን መረጋፍን ናብ ኮሌጅ ጋርመንት መቐለ ኣታዊ ዝገብር፣

5. ተጫራታይ/ተወዳዳራይ ዝሰዓሮም ንብረታት ብሰብ ሞያ/ብዝምልከቶም ኣካላት ናይቲ ኮሌጅ ተረጋጊፆም ክኣትዉ ይገብር።

6. እዚ ናይ መወዳደሪ ፕሮፎርማ ከም ውዕሊ ኮይኑ የገልግል።

7. ትካል ዝሓሸ መማረፂ እንተረኺቡ ብሙሉእ ወይ ብኽፋል ናይ ምስራዝ መሰል ኣለዎ።

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

መዘኻኸሪ፡-

ንዝበለፀ ሓበሬታ ብስልኪ/ሞባይል ቁፅሪ /0914281708 ብምድዋል ክረኽቡና ይኽእሉ እዮም።

ዋጋ መምልኢ

ተ.ቁ	ዓይነት ዝርዝር ንብረት	መግለፂ	መዐቀኒ | በዝሒ	ነፀላ ዋጋ	ጠ/ዋጋ መብርሂ
1	ላሜራ 3ሜ ×1ሜ	በዓል 1ሚ.ሜ ቲክነስ	ቁፅሪ	08	
2	ንሓፁር ዝውዕል ብረት 50 ሚ.ሜ .50ሚ.ሜ	በዓል 1.5ሚ ሜ ቲክነስ	ቁፅሪ	08	

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle